


**መደባት IEC ብመንገዲ ተሳትፎ ኣብ መላእ ቤት ትምህርቲ ዝካየዱ ንጥፈታት ኣቢሎም ውህደት ምስ መላእ ማሕበረሰብ ቤት ትምህርቲ ክህሉ የተባብዑ።**

| ቤት ትምህርትታት | ኣድራሻ | ትድውልሉ ቁጽሪ |
|---|---|---|
| **መባእታ ደረጃ/ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርትታት** (ካብ መዳለዊ (ፕሬፕ) ክሳብ 6ይ ዓመት) | | |
| ኤዲስቶን መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ | Littorina Avenue, Heathridge 6027 | 9406 5100 |
| ኩንዱላ መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ | 50 Burbridge Avenue, Koondoola 6064 | 9345 6200 |
| ኖላማራ መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ | 101 Harrison Street, Nollamara 6061 | 9413 1550 |
| **መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርትታት** (ካብ 1ይ ክሳብ 6ይ ዓመት) | | |
| ቢኮንስፊልድ መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ | 5 Hale Street, Beaconsfield 6162 | 9432 1000 |
| ዳያኔላ መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ | Laythorne Street, Dianella 6059 | 9263 5100 |
| ሃይጌት መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ | 147 Lincoln Street, Highgate 6003 | 9253 2700 |
| ፓርክዉድ መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ | Zelkova Way, Parkwood 6147 | 9235 1411 |
| ቶርንሊ መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ | 86 Thornlie Avenue, Thornlie 6108 | 9232 3480 |
| **ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርትታት (ሲንየር ሃይስኩልስ)** (ካብ 7ይ ክሳብ 10ይ ዓመት) | | |
| ባልጋ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ | 2 Markham Way, Balga 6061 | 9247 0219 |
| ግሪንዉድ ኮሌጅ | Coolibah Drive, Greenwood 6024 | 9243 9200 |
| ሊንዉድ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ | 436 Metcalf Road, Parkwood 6147 | 9354 0600 |
| መልቪል ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ | 18 Potts Street, Melville 6156 | 6274 1300 |
| **ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርትታት (ሲንየር ሰከንዳሪ)** (11ን 12ን ዓመታት) | | |
| ሲሪል ጃክሰን ሲንየር ካምፓስ | 53 Reid Street, Bassendean 6054 | 9413 4720 |
| ኖርዝ ለይክ ሲንየር ካምፓስ | 188 Winterfold Road, Kardinya 6163 | 9314 0444 |


GOVERNMENT OF WESTERN AUSTRALIA
Department of Education


# ማእከላት ጽዑቕ ቋንቋ እንግሊዝ

## ንተማሃሮ መባእታን ካልኣይን ደረጃ ቤት ትምህርትታት





# ማእከላት ጽዑቕ ቋንቋ እንግሊዝ እንታይ እዮም፧

ማእከላት ጽዑቕ ቋንቋ እንግሊዝ (IECs) ቋንቋ እንግሊዝ ከም ሓደ ተወሳኺ ቋንቋ ወይ ላህጃ ኣብ ህዝባዊያን ቤት ትምህርትታት ዌስተርን ኣውስትራልያ ክምዝገቡ መለክዒታት ዘማልኡ ሓደስቲ መጻእቲ ተመሃሮ ኣብ ምምሃር ብፍሉይ ይነጥፉ። ተመሃሮ IEC ካብ ብዙሓት ዝተፈላለየ ብዝሒ ቋንቋን ባህልን ዘለወን ሃገራት ይመጹ፡ ናብ ሓደ ውዕውዕ፡ ብርቱዕን ንኩሉ ዘሳትፍን ሃዋህው ቤት ትምህርቲ ኣበርክቶ ይገብሩ። ትምህርቲ ኣብ IEC ክሳብ 12 ኣዋርሕ እዩ (ወይ24 ኣዋርሕ እቶም ተመሃሮ ሰብኣዊ ቪዛ ዝሓዙ ምስ ዝኾኑ) ነቶም ተመሃሮ ኣብ ዘድልይዎም ሓገዛትን ዘለዎም ዓይነት ቪዛን ይምርኮስ።

ማእከላት ጽዑቕ ቋንቋ እንግሊዝ ኣብ ውሽጢ'ቶም ቀንዲ ቤት ትምህርትታት እዮም ዝርከቡ። ኣብ ውሽጢ ህዝባውያን ቤት ትምህርትታት ከባቢ ሜትሮፖሊታን ፐርዝ ዓሰርተ ኣርባዕተ ማእከላት ኣለዋ - ሸሞንተ ኣብ መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርትታት፡ ኣርባዕተ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርትታትን ክልተ ኣብ ቀጽሪታት/ካምፓሳት ላዕለዎት ደረጃ ቤት ትምህርትታትን።

መደባት IEC ብመንገዲ ተሳትፎ ኣብ ትምህርታዊ ዙረታትን ኣብ ቤት ትምህርቲ መጺኦም ምርኢታት ዘቕርቡን፡ ስፖርታዊ ካርኒቫላት፡ ሓባራዊ ንጥፈታትን ርክባትን ዘካተተ ኣብ መላእ ቤት ትምህርቲ ዝካየዱ ንጥፈታት ብምስራዕ ምስ ሙሉእ ማሕበረሰብ ቤት ትምህርቲ ምትሕውዋስ ክፍጠር የተባብዑ።

መባእታ ደረጃ/ቀዳማይ ብርኪ IECs ን5-11 ዝዕድሚኦም ተመሃሮ የእንግዱ፡ ሰለስተ ማእከላት መባእታ ደረጃ ከኣ ናይ ቅድመ-መባእታዊ ክፍለ ትምህርታት ነቶም ካብ ብሰብኣዊ ኩነታት ዝመጹ ድሕረ ባይታ ዘለዎም 4 ዓመት ዝዕድሚኦም ተመሃሮ ይምህሩ። ካልኣይ ደረጃ IECስ ነቶም ካብ 12 ክሳብ 16 ዝዕድሚኦም ተመሃሮ የእንግዱ። ላዕለዋይ ደረጃ (ሲንየር) IECs ነቶም 16ን ካብኡ ንላዕሊ ዝዕድሚኦም ተመሃሮ የእንግዱ።

* ኣብ ካልኣይ ደረጃ ኣብ 7ይ ዓመት ዝጅምሩ ተመሃሮ ቅድሚ ሓምለ/July ናይ'ቲ ዓመት ዕደመኦም 11 ወዲኦም 12 ዝኣትው ክኾኑ ይኽእሉ።

## ጥቕምታት ናይ IEC

- ብፍሉይ ኣትኩሮ ዝወሃብ ደገፍ ኣስተምህሮን መምርሕን ጽዑቕ ቋንቋ እንግሊዝ ንብቕዓት'ቶም ተመሃሮ ኣብ ምርካብ'ቲ ቀንዲ ቤት ትምህርታት ዝጥቀማሉ ስርዓተ ትምህርቲ ናብ ዝለዓለ ንምብጻሕ።
- በብሓደ ንዝወሃብ ኣስተምህሮ ዝድግፉ ንእስ ዝበሉ መጠን ክፍልታት።
- ባህላዊ ደገፍ ኣብ ሓደ ንምዕባለ ዘተባብዕ ሃዋህው።
- ፍሉይ ክእለት ዘለዎም መማህራንን ተሓጋገዝቲ ኣባላትን።
- ናጻ መዓልታዊ ኣገልግሎት ኣውቶቡስ ነቶም ቐዳማይ ብርኺ ቤት ትምህርቲ ዝዕድሚኦም ህጻናት።
- ቀረብ ናይ ፍሉይ ኣትኩሮ ዝህቡ ኣገልግሎታት ጥዕና።

## ስርዓተ ትምህርቲ ኣብ IEC

ቋንቋ እንግሊዝ ብጻዕቒ ዝወሃበሎም ማእከላት ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ዌስተርን ኣውስትራልያ መሰረት ዝገበሩ ከከም ኩነታት ተመሃሮ ተፈልዩም ዝወሃቡ መደባት ኣስተምህሮ ይህቡ።

እቲ ስርዓተ ትምህርቲ ናይ IEC ከከም ኣድላይነት ኣስተምህሮ ቋንቋ እንግሊዝ ነብሲ ወከፍ ተመሃራይ ዓሊሙ ዝወሃብ እዩ። ተመሃሮ ናብ'ቶም ቀንዲ ክፍለ ትምህርታት ጸገም ዘይብሉ ምስግጋር ክገብሩ ንምሕጋዝ፣ ዓንዲ ሕቖ ዝኾኑ ዓይነታት ትምህርቲ ሕሳብ (ማተማቲክስ)፡ ስነፍልጠት/ሳይንስ፡ ሰብኣዊ ዓይነት ትምህርትታትን (ህዩማኒቲስ) ማሕበራዊ (ሶሻል) ሳይንስን የጠቓልሉ።

IECታት ንተመሃሮ ቋንቋ እንግሊዝ ክመሃሩን ምስ ዕድሚኦም ዝመጣጠን ኣካዳሚያዊን ማሕበራዊን ትርጉም ቤት ትምህርታት ኣብ ዌስተርን ኣውስትራልያ ተለማሚዶም ክጸንሑን ይሕግዞም። IECታትን ከባብያዊ ቤት ትምህርትታትን ጸገም ዘይብሉ ምስግጋር ናብ'ቲ ኣብ ከባቢኦም ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ክህሉ ንምርግጋጽ ብሓባር ይሰርሑ።

## ኣባል ሰራሕተኛታት ኣብ IEC

IECታት ንመማህራን EALDን ካብ ዓሌታት ዝኾኑ ተሓጋገዝቲ ትምህርትን (EEAs) ቆጺሮም የስርሑ። መማህራን EALD ተሞክሮ ዘለዎምን ምስ ዕድመ ዝመጣጠኑን፡ ምስ ስርዓተ ትምህርቲ ዌስተርን ኣውስትራልያ ዝሰማምዑ ስርርዓት ዘለዎም መደባት EALD ከቕርቡ ሞያዊ ፍልጠት ኣለዎም። EEAs ቀዳማይ ቋንቋ'ቶም ኣብ IEC ዝመሃሩ ተመሃሮ ክኾኑ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ይዛረቡ።

## ኣብ IEC ክትኣትው

ኣብ IEC ንምምዝጋብ ዝህልው መለክዒታት ከከም'ቶም ጠለባት ይፈላለዩ እዮም፡ ነዚኦም ከኣ ከካትቱ ይኽእሉ፡

- ኣብ 1ይ ክሳብ 12 ዓመት ዘለው ተመሃሮን ንትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝ ሓደስቲ ዝኾኑን፡ ነቶም ኣብ ኣውስትራልያ ዝተወልዱ'ውን ወሲኽካ፡
- ናይ ሰብኣዊ ቪዛ ዝሓዙን ኣብ ካብ ቅድመ-መባእታዊ ደረጃ ክሳብ 12 ዓመት ዘለውን ተመሃሮ፡ ከምኡ'ውን
- ልዕሊ 6 ኣዋርሕ ዝኸውን ግዜ ጸኒሖም ናብ ኣውስትራልያ ዝተመልሱ ተመሃሮ።

## ኣብ IEC ንምምዝጋብ

- ቆጸራ ንምሓዝ ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ወኪላት IEC ርኸብዎም። (ናብ'ቲ ዘለኹሞ ዝቐረበ ማእከል ንምርካብ ኣብ ዝርዝር IEC ተመልከቱ)
- ንኽትምዝገቡ እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ የድልየኩም፡
  - ናብ ኣውስትራልያ ዝመጻኹምሉ ዕለት፣
  - ስም ተመሃራይ/ሪት፣
  - ዘለኹሞ ኣድራሻ፣
  - ኣብ ገዛ ዝዝረቡ ቋንቋታት/ላህጃታት/ከባቢያዊ ኣዘራርባታት፣
  - ቁጽሪ (ንኡስ መደብ) ቪዛኹም፣ ከምኡ'ውን
  - ክንረኽበኩም ዝርዝር ኣድራሻ።
- መስርሕ ምምዝጋብ ንምሕጋዝ፡ መጓዓዝያ ካብን ናብን IECን ኣገልግሎት ትርጉምን ብነጻ ተቐሪቡ ኣሎ።

